July 2008--Tigrinya

**ናይ ሲያትል ፋየር ዲፓርትመንት**

# ኣብ ክፍጠር ንዝኽእል ባርዕ ንምክልኻል

**ስሞክ ኣላርምስ (ትኪ ከምዘሎ ሓበርቲ ድምጺ)**

- ☐ ትኪን ድምጺን ከምዘሎ ዝሕብር ከምኡውን ንምህዳም ዝሕግዝ ድምጺ(ኣላርም) ዝህብ መሳሪሒ።
- ☐ ነፍሰ ወከፍ ሰብ ኣብ ነፍሰ ወከፍ ደረጃ(ለቨል)ብውሕዱ ሓደ ስሞክ ኣላርም (ትኪ ከምዘሎ ዝሕብር ድምጺ) ክህልዎ ይግባእ።
- ☐ ባተሪ ንምቅያር እንተዘይኮይኑ ካብ ስሞክ ኣላርም(ትኪ ከምዘሎ ዝሕብር ድምጺ) ባተሪ ፍጹም ዘይምውጻእ።
- ☐ ሓደ ሓደ ስሞክ ኣላርምስ (ትኪ ከምዘሎ ሓበርቲ ድምጺ) ምልዋጥ ዘድልዮም ባተሪታት ኣለዎም። ጨቕ ጨቕ እንተኢሉ ነቲ ባተሪ ቀይር።
- ☐ ነቲ ስሞክ ኣላርም(ትኪ ከምዘሎ ዝሕብር ድምጺ) ኣብ ነፍሰ ወከፍ ወርሒ ድምጺ ከምዝህብ ብምፍታን ኣረጋግጽ።

**ምክሻን**

- ☐ ዝኽሽኑ ነገራት ብዘይ ኣድህቦ ዘይምግዳፍ።
- ☐ እቶን(ስቶቭ) በጽሬት ምሓዝ፤ ንምኽሻን ጥራይውን ተጠቀመሎም።
- ☐ ናይ ዘይቲ ባርእ እንተተላዒሉ ነቲ በርነር(ማናኸሲ) ብምጥፋእ ነቲ መኽደኒ ኣብ ልዕሊ'ቲ መጥበሻ ምኽዳን። ኣብቲ ሓዊ ማይ ዘይምጥቃም!

**ምሟቅ**

- ☐ ንኩሎም ነገራት ካብ ሂተርስ(ኣየር መውዓዪ) ምርሓቅ።
- ☐ ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ወይውን ናብ ምድቃስ ኣብ እትኸደሉ እዋን ንዝንቓሳቐሱ ሂተርስ ኣጥፍእ
- ☐ ኤክስቴሽን ኮርድስ ምስዝንቃሳቐሱ ሂተርስ ዘይምጥቃም።

**ብካርቦን ሞኖኦክሳይድ ዝመጽእ ምምራዝ**

- ☐ ሓደ ሓደ መሳርሒታትን ማሽናትን ዘይረአዩን ዘይጨንውን ዝተመረዘ ጋዝ የውጽኡ እዮም።
- ☐ ኣብ ውሽጢ ገዛውቲ፡ ጋራዣትን፡ ከምኡውን ካልእ ዕጽው ቦታታት፡ ወይውን ካብ ዝተከፍተ መስኮት ወጻኢ ነዚኦም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ፈጺምካ ዘይምጥቃም፤ጀነሬተር፡ ቻርኮል ግሪል፡ ካምፕ ስቶቭ፡ ቬክል(መጓዓዝያ) ወይውን ካልእ ናይ ጋዝ ኤንጅን(ሞተር)።
- ☐ ጋዝ ኦቨን ብምጥቃም ገዛኻ ፈጺምካ ዘይምሟቕ፣ ወላ ንሓጺር እዋን።

**ሓዊ እንተኣጋጢሙካ —**

- ☐ ንኩሉ ሰብ ከምዝወጽእ ምግባር።
- ☐ ምስ ቤተሰብ ናብ እትራኸቡሉ ናይ መራኸቢ ቦታ ምኻድ።
- ☐ 9-1-1 ንሓገዝ ምድዋል።
- ☐ ናብቲ ዝቃጸል ገዛ ወይውን ሕንጻ ብፍጹም ተመሊስካ ዘይምኻድ።

**9-1-1 ኣብ እትድውለሉ እዋን —**

- ☐ ንሕጹጽ ኩነታት 9-1-1 ደውል።ንሓዊ፡ ንሕክምና ረድኤትን ንፖሊስ ንምርካብ ተጠቀመሉ። 9-1-1 ምድዋል ናጻ እዩ።
- ☐ ኢንግሊሽ ዘይትዛረብ እንተኾይንካ ነቲ ኦፕሬተር በኣተርጓማይ እንታይ ዓይነት ቋንቋ ክትዛረብ ከምትክእል ክትነግሮ ፈትን።
- ☐ እንታይ ዓይነት ሕጹጽ ኩነታት ከምዘጋጠመ ከምኡውን ነቲ ኣድራሻ ክትነግሮ ድሉው ኹን።

**ኣድራሻይ:**

______________________________